homes victoria

50 Lonsdale Street,
Melbourne Victoria 3000
GPO Box 4057, Melbourne Victoria 3001
DX 210081

**OFFICIAL**

ተቐማጦ
ጎደና 200 ዶርካስ/Dorcas
ሳውዝ ሜልቦርን

ዝኸበርኩም ነበርቲ

ብዛዕባ ገስጋስ ናይ ሆምስ ቪክቶርያ ዓቢ ህንጻት ኣባይትን መደብ ዳግመ ምምዕባል ሰማይ ጠቀስ ደርብታትን ንምሕባር ኢና ንጽሕፈልኩም ዘለና።

ኣብዚ እዋን እቲ ዝስዕብ ደረጃ ኣብ 7 ሓደሽቲ ቦታታት ኣብ ምስራሕ ኣሎ። እዚ ኣብ 9 ወሰን ከተማ ንዝርከቡ ህሉውን መጻእን ተቐማጦ ዝበለጸ፡ ዉሑስ ከምኡ ድማ ኣዝዩ ምቹእ ኣባይቲ ንምድላው ንግስግስ ኣለና ማለት እዩ። **ናይ ሎሚ ምልክታ ንህንጻኹም ወይ ንገዛኹም ኣይጸልዎን እዩ።**

## ሎምዓንቲ እንታይ ተኣውጁ ኣሎ፧

ሎምዓንቲ፣ ነቶም ተቐማጦ ብዛዕባ ዳግመ ምምዕባል ናይዞም ህንጻታት ተዛሪብናዮም፡

- ጎደና 25ን 27ን King/ኪንግ, Prahran/ፕራህራን
- ጎደና 150 Inkerman/ኢንከርማን, St Kilda/ሴንት ኪልዳ
- ቀንዲ ጎደና 150 Victoria/ቪክቶርያ, Albert Park/ኣልበርት ፓርክ
- ጎደና 159 Melrose/መልሮዝ, North Melbourne/ ኖርዝ መልበርን።
- ጎደና 29 Crown/ክራውን, Flemington/ፍሌሚንግተን
- ጎደና 94 Ormond/ኦርሞንድ, Kensington/ከንሲንግቶን

**ካብ ሓምለ 2026 ክሳዕ ለካቲት 2028**፡ ተወሳኽን ዝበለጸን ኣባይቲ እንዳቐረብና ከለና ናብ ምቹእ ቤት ንኽግዕዙ ንምሕጋዝ ምስዞም ኣብዚ መንበሪታት ዝነብሩ ተቐማጦ ብቐረባ ክንዓዪ ኢና።

## ኣብ ጥቓኡ ሓደስቲ መንበሪ ገዛውቲ ንሃንጽ ኣለና

ነዞም ተቐማጦ ናይ ምግዓዝ ኣማራጺታት ንምሕጋዝ ድሮ ኣብ ጥቕኦም ሓደስቲ ኣባይቲ ኣብ መንገዲ ኣሎ። ኣብዚ ዓመት ክዛዘሙ ትጽቢት ይግበረሎም፣ ነዞም ዝስዕቡ ድማ የጠቓልሉ፡

- ጎደና Essex/ኢሰክስ, Prahran/ፕራህራን
- ጎደና Simmons/ሲሞንስ, South Yarra/ሳውዝ ያራ
- Barak Beacon/ባራክ ቢከን, Port Melbourne/ፖርት መልበርን
- Holland Court, Flemington/ሆላንድ ኮርት፡ ፍሌሚንግተን

እዞም ኣባይቲ ንምውዓይን ንምዝሓልን ዝቐለሉ ክኸውን ነቶም ናይ ምንቅስቓስ ሓገዝ ዘድልዮም ኣዝዮም ምቹኣት ከምኡውን ህዝባዊ መጓዓዝያ ብቐሊሉ ዝርከቦም እዮም። ብተወሳኺውን ድሕንነት፡

መብራህቲ፡ ምንቅስቃስ ኣየርን ኣለዎ ከምኡ ድማ ምስ ባልኮናትን ናይ ብሕቲ መሕጸቢ ክዳውንትን እውን ኣለዎ።

## ኣብ ከባቢኹም

እቲ ህንጻኹም ክፋል ናይቲ ዝቕጽል ደረጃ ዳግመ ህንጻት ኣይኮነን። ቅድሚ ጥሪ 2028 ዝቕጽል ምግዓዛት ኣይክፍጸምን እዩ፣ ግዜኡ ምስ ኣኸለ ድማ ምሳኻትኩም ክንራኸብ ኢና።

እዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ ኣብ ጐረባብትኹም መንግስትታት ኮመንዌልዝን ቪክቶርያን በቲ ናይ ዓበይቲ ኣበይቲ መንበሪ ገዛ ሕንጸትን ንናይ ኣውስትራልያ መንበሪ ገዛ መጻኢ ገንዘብ ሓገዝ ኣቢሎም 131 ሓደስቲ ማሕበራዊ ኣባይቲ ንምድላው ብሓባር ይዓዩ ኣለዉ። እዚ ንኣውራጃ ደቡብ ሜልቦርን ኣብ ምሕዳስ እቲ ቐዳማይ ስጉምቲ እዩ እቲ ራእይ ከኣ ዉሑስ ብግቡእ እተነድፈን ጽቡቕ ምትእስሳር ጐረባብቲ ዘለዎን ብሉጽ ኣባይቲ ንምቕራብ እዩ።

## ኣብ ካልእ ቦታታት እንታይ ይግበር ኣሎ፧

ኣብ **ካርልተን/ Carlton ዝርከብ ጐደናታት ኤልጂን/ Elgin ከምኡውን ኒኮልሰንን/Nicholson** ሓደስቲ ኣባይቲ ናይ ምህናጽ መደባት በቲ ተቐማጦ ዝገብርዎ ሓሳባት ተመሪሑ ኣሎ። ኣብ 2028 ዓ›ም 248 ሓደስቲ ኣባይቲ ንምህናጽ ኣብዚ እዋን እዚ ምፍራስ ይካየድ ኣሎ።

ናብ ካልእ ቦታ ምግዓዝ ኣብ **ፍለሚንግተንን ኖርዝ ሜልቦርን ይዛዘም ኣሎ።** ምፍራስ ንምጅማር ተዳሊና ኣለና እቲ ቐጺሉ ዘሎ ደረጃ ድማ ብዛዕባ ንድፊ ሓደስቲ ኣባይትን ናይ ማሕበረሰብ መሳለጥያታትን ርእይቶ ንምሃብ ንተቐማጦ ምዕዳም ክኸዉን እዩ።

ኣብ **ሳውዝ ያራን ሪችሞንድን** ዝነብሩ ብዙሓት ዝግዕዙ ስድራቤታት ናብቲ ኣብ ጥቕኦም ዝርከብ ሓደስቲ ኣባይቲ ግዒዞም ኣለዉ። ልዕሊ 85 ሚእታዊት ካብ ስድራቤታት ድሮ ግዒዞም ወይ ኣብ መስርሕ ምግዓዝ ኣለዉ ከምኡ ድማ ኵላቶም ክሳዕ ለካቲት 2026 ክግዕዙ ኣብ መንገዲ ዘለዉ።

## እዋናዊ ሓበሬታ ዘለዎምን ዝራኸቡን ኩኑ

ብዛዕባ መስርሕ ዳግመ ህንጻት ሓበሬታ ንምርካብ ናብ homes.vic.gov.au ክትበጽሕ ትኽእል ኢኻ፣ እንተላይ ብቋንቋኹም ዘጠቓልል። ንስሩዕ እዋናዊ ሓበሬታን ምዝኽኻራትን ብምምዝጋብ ምሳና ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ።

ብልቢ ናትኩም

**Simon Newport**
ዋና ፈጻሚ በዓል መዚ
ሆምስ ቪክቶርያ

28/01/2026